




# Orientation to Ontario

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

## ጉዳይ ኣባይቲ

### ምርጫታት ኣባይቲ

**Temporary Housing (ጊዚያዊ ገዛ)** – ናብ Ontario (ኦንታሪዮ) ምስ ኣተኻ፡ ገዛ ክሳብ እትረክብ ትጸንሓሉ ጊዚያዊ ቦታ የድልየካ እዩ። ሆስተል ድማ፡ ኣብ ሆቴል ካብ ምጽናሕ ካልእ ዝሓሰረ ኣማራጺ እዩ። ትጸንሓሉ ጊዚያዊ ገዛ ንኽትረክብ፡ ኣብ ከባቢኻ ናይ ቱሪዝም መርበብ ሓበሬታ ፈትሽ ወይ ዝርዝር ምርጫታት ናይ መዕረፊ ኣጋይሽ ዝሓዘ ናይ በጻሕቲ መሪሕ መጽሓፍ ግዛእ።

**Non-profit Housing Co-op (ረብሓ-ኣልቦ ተሓጋገዝቲ ዘካርይዎ ገዛውቲ)** – Co-ops (ረብሓ-ኣልቦ ተሓጋገዝቲ ዘካርይዎ ገዛውቲ)፡ ብኣባላት ወይ ብነበርቲ ዝውነንን ዝመሓደርን እዩ። እንተኾነ፡ ነበርቲ፡ ንክፍሊታቶም ባዕሎም ኣይውንንዎን እዮም። ስለዚ፡ ኣብ ረብሓ-ኣልቦ ተሓጋገዝቲ ዘካርይዎ ገዛውቲ፡ ክትነብር ከተመልክት ኣለካ፣ ክራይ ገዛ ድማ ዝበዝሕ ግዜ ካብ'ቲ ሓፈሻዊ ገምጋም ዝተሓተ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ onpha.on.ca ብጻሕ።

**ብደገፍ መንግስቲ ወይ ብድጎም ወይ ሰብሲዳይዝድ ዝርከብ ገዛ** – ኣብ ናይ ድጎማ ወይ ሰብሲዳይዝድ ገዛ፡ እትኸፍሎ ክራይ ብመሰረት እቶትካ እዩ። ከምዚ ዓይነት ገዛ ንምርካብ፡ ብዙሓት ሰባት ኣብ ናይ ተጸበይቲ ዝርዝር ኣትዮም ዓመታት ይጽበዩ እዮም። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ findlink.at/housing ብጻሕ።.

ብዛዕባ ብደገፍ መንግስቲ ዝርከብ ገዛ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ንናይ ምጥያስ ኣማኻሪኻ ኣዘራርቦ። ኣብ ከባቢኻ ናይ ምጥያስ ኤጀንስ ንኽትረክብ፡ ኣብ settlement.org/findhelp ብጻሕ።

**Shelters (መዕቆቢታት)** – Shelters (መዕቆቢታት) ቦታ ንዘይብሎም ከምኡ'ውን ኣብ ቅልውላው ንዝርከቡ ሰባት ንሓጺር ጊዜ ዝኸውን መጽንሒ ገዛ ይህብ እዩ። ኣብ ከባቢኻ መዕቆቢ ቤት ንምርካብ ናብ 211 ደውል።.

**Housing for Seniors (ገዛ ንዓበይቲ ሰባት)** – ኣብ Ontario (ኦንታሪዮ) ንዓበይቲ ዝኾኑ ብዙሓት ዓይነታት ገዛውቲ እዮም ዘለዉ። ብቑጽሪ ቴለፎን *1-888-910-1999* ጌርካ ናብ Ministry of Seniors Affairs (ሚኒስትሪ ጉዳያት ዓበይቲ) ደውል ወይ ኣብ *seniors.gov.on.ca* ብጻሕ።

### ገዛ ንተማሃሮ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

ዩኒቨርስቲታትን ኮለጃትን፡ ተደራቢ ክፍሊት ብምግባር፡ ንተመሃሮኤን ገዛውቲ ይቕርባሎም እየን። ኣባይቲ ካምፓስ ዝበዝሕ ግዜ መግቢታት ዘጠቓለለ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ንክፍሊ ኣባይቲ ናይቲ ክትጽንበሮ ትሓስብ ዘለኻ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮለጅ ርኸቦ። ገለ ግዜ፡ ኣብ እዋን ክረምቲ፡ መንበሪ ፍቓድ ተመሃራይ፡ ነቶም ተመሃሮ ዘይኮኑ'ውን ይውሃብ እዩ።

### ምክራይ ኣፓርትመንት ወይ ቤት

The Residential Tenancies Act (RTA) (ሕጊ መንበሪ ክራይ)፡ ኣካረይትን ተኻረይትን ክኽተልዎ ዘለዎም ኩሎም መምርሒታት ዝሓዘ እዩ። ነዚ ኣብ ቀጥታ ኣብ findlink.at/RTAct ኣንብቦ።

ንቦርድ ኣካራይን ተኻራይን ኣብ *1-888-332-3234* ደዊልካ ርኸቦም ወይ ከኣ ን ltb.gov.on.ca ተወከሶ።

- ውዕል ክራይ ክትፍርም ክትሕተት ትኽእል ኢኻ – እዚ፡ ንኽትካረ ዘኽእ ካ ሕጋዊ ውዕል ኮይኑ፡ ንዝተወሰነ እዋን፡ ዝበዝሕ ግዜ ንሓደ ዓመት ዘፍቅደልካ እዩ።
- ቅድሚ ናብ'ቲ ገዛ ምእታውካ፡ ናይ ዝሓለፈ መወዳእታ ወርሒ ክራይ ገዛ ክትከፍል ክትሕተት ትኽእል ኢኻ።
- ንጸጥታዊ ትሕጃ ተባሂሉ'ውን ክትከፍል ክትሕተት ትኽእል ኢኻ። እዚ፡ ዕንወት እንተዘየጋጢሙ፡ ካብ'ቲ ገዛ ክትወጽእ ከለኻ ዝምለሰልካ ክኸውን እዩ።
- መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ክራይካ ኣብ መጀመርታ መዓልቲ ናይ ነፍስ-ወከፍ ወርሒ ክትከፍል ክትሕተት ኢኻ።
- እትጥቀመሎም ኣገልግሎታት፡ ንኣብነት፡ ሙቐትን ኤለክትሪክን፡ ኣብ'ቲ ክራይ ገዛ እቱው ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ወይ ድማ ፈሊኻ ክትከፍለሎም ትኽእል ኢኻ።
- ብዛዕባ ኣባይቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ findlink.at/housinging ብጻሕ።

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

## Finding Rental Housing (ዝካረ ገዛውቲ ምርካብ)

ገዛ ክራይ ንምርካብ እቲ ልሙድ ዝኾነ መንገዲ ኣብ ጋዜጣ ማሕበረሰብካ ዘሎ ክፉል መግለጺ newspaperscanada.ca ምርኣይ እዩ።

ኣብ ባህ ዝብለካ ገዛውቲ ኬድካ "ኣፓርትመንት ኣሎ (Apartment Available)" ወይ "ንኽራይ (For Rent)" ዝብል ምልክት ኣብ ከባቢኻ ድለ። ን viewit.ca ተወከሶ።

### ገዛ ምግዛእ

- ገዛ ንምግዛእ ለቓሕ ክትረክብ ክትፍትን ከሎኻ፣ ጽቡቕ ታሪኽ ለቓሕ ክህልወካ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ብኸመይ ታሪኽ ለቓሕ ክትጅምር ትኽእል ዝምልከት ንባንክኻ ተዛረቦ።
- ንሓደ ገዛ ክትገዝኦ ኣብ ትውስነሉ፡ ኣብ ምሕላፍ ወይ ዘይምሕላፍ መርመራ ናይቲ ገዛ ዝተመርኮሰ ኩነታዊ ውዕል ክትገብር ጽቡቕ እዩ። እቲ መርማሪ ምዕራይ የድልዮ እዩ እንተ ደኣ ኢሉ፣ ወይ ክትገድፎ ወይ ከኣ ነቲ ክትከፍሎ ዝተባህለ መጠን ገንዘብ ክትቅይሮ ትኽእል ኢኻ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ገዛ ንመጀመሪያ ጊዜ ትገዝእ እንተደኣ ሃሊኻ፣ ኣብ cmhc.ca ብምኻድ ገዛ ክውንኑ ንዝደልዩ ሓደስቲ መጻእቲ ተባሂሉ ዝተዳለወ ናይ Canada Mortgage and Housing Corporation (ካናዳ መምርሒ ኮርፖሬሽን ሞርጌጅን ገዛን) ረኺብካ ኣንብብ።



### ትፈልጥ ኔርካ ዶ?

ዝበዝሑ ሰባት፡ ኣቦ Ontario (ኦንታሪዮ) ገዛ መታን ክገዝኡ፡ ገንዘብ ይልቅሑ። ስለዚ፡ ካብ ባንክኻ ሞርጌጅ ንምርካብ ከተመልክት ወይ ብመንገዲ ደላሊ ሞርጌጅ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

